Asylum Support Partnership
help and advice

November 2012 Tigrignia

# ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆናታት — ሓገዝ የድልየኩም ድዩ?

ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆታት ዝበሃሉ ኣብ ሞንጎ ኣብ ሓዳር ወይ ዝምድና ዝነበሮም ብጹሓት ሰባት፣ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ቤተሰብ፣ ወይድማ ጾትኦም ብዘየገድስ ኣብ ሞንጎ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ገዛ/መንበሪ ዝነበሩ ወይ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት ዝፍጸም ናይ ምፍርራሕ፣ ምዕመጽ፣ ወይ ምጭቋን ጠባያት ዘጠቓልል እዩ።

እዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆናʼዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ንዝኾነ ሰብ ክጸሉ ይኽእል። ወዲ ተባእታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ምስ መን ይቕመጡ ወይድማ ምስቲ ሰብ እንታይ ዓይነት ርክብ ይሃልዎም ብዘየገድስ በዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆናʼዚ ክጥቕዑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንተደኣ ኣሎኹም፡ ማለት ከም ግዳይ ይኹን እዞም በደላት ክፍጸሙ እንተሪኢኹም ሓገዝ ንምርካብ ክትሓቱ ከምእትኽእሉ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ሰብ ናይ ስደተኛ መንበሪ ፍቓዱ እንታይ ምዃኑ ብዘየገድስ፡ ካብዞም ኣብ ገዛ ዝፍጸሙ ጭቆናታት ናጻ ኮይኑ ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ።

### እዚ ጭቆና ብዝተፈለለየ መልክዓት ክፍጸም ይኽእል፥

- **ኣብ ኣካል ዝወርድ ጭቆና፤** ምህራም፣ ምቕላዕ፣ ብመሳርያታት ወይ ብዘይ መሳርያታት ምፍርራህ፣ ምሕናቕ ወይ ምውጋእ
- **ጾታዊ ጭቆና፤** ምዕማጽ፣ ብሓይሊ ጾታዊ ርክብ ምግባር፣ ብሓይሊ ኣብ ፖርኖግራፊ ምስታፍ ወይ ምርኣይ ምግባር፣ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ሜላታት ካብ ምጥቃም ምኽልካል
- **ናይ ስምዒት ወይ ናይ ቃል ጭቆና፤** ምፍርራሀት (ክቐትለኪ/ካ እየ ምባል፣ ደቅኻ ካብ ምርኣይ ምክኻል ካለካየምባል ወይድማ ካብ ሃገር ከባርረኩም እየ ኢልካ ምፍርራሀ የጠቓልል)፣ ንብረት ምዕናው፣ ድምጽኻ ኣልዒልካ ምቁያቅ፣ ምፍርራሀ፣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታው (ንኣብነት፡ ሰነዳትካ ካብ ምጥቃም ምኽልካል)፣ መመሊስካ ምሽጋር፣ ምስትሕፋር፣ ብሳጓ ምጽዋዕ
- **ናይ ገንዘብ ጭቆና፤** ካብ መግቢ ወይ ገንዘብ ምሕራም

### እንተደኣ እዚ ዓይነት ጭቆና ዝወርደኩም ኣሎ ኮይኑ፣ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክተስተውዕሉ ይግባእ፣

- ምጭቋንኩም ናትኩም ጉድለት ኣይኮነን
- ብዛዕባ ጭቆና ዝቐርብ ሪፖርት ከም ከቢድ ጉዳይ ከምዝረአ
- ሓበሬታ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ባዕልኹም እትወስድዎ ስጉምቲ የለን
- እቲ ሕጊ ካብቲ ዝጭቁነኩም ዘሎ ሰብ ክከላኸለልኩም ይኽእል እዩ፤ ንኣብነት ሕጋዊ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ
- ብሓንሳብ ምስቶም ምሳኹም ዝቕመጡ ቆልዑ፡ ናብ ውሑስ ዝኾነ ቦታ ብቑልጡፍ ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም
- እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዘ ክኸውን እንከሎ፡ ብዘይ ናትኩም ስምምዕ ድማ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይውሰድን እዩ
- ናይ ዑቕባ ሕቶ ንበይንኹም ከተመልክቱ ትኽእሉ ከምኡውን ኩነታትኩም ብምርኣይ ካብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ትረኽብዎ ዝነበርኩም ሓገዝ ክትቅጽልዎ ትኽእሉ ኢኹም። UKBA ነቶም ድሮ ሓገዝ ዝወሃቦም ሰባት፡ ካብ እዚ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆናʼዚ ዝከላኸል ጽኑዕ ዝኮነ ፖሊሲ ኣለዎ

### ብዛዕባ እቲ ዝወረደኩም ጭቆና ናብዚ ዝስዕብ ከተመልክቱ ትኽእሉ፥

- ናብ ኣብ ገዛ ዝወርድ ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር፣ ፖሊስ፣ ሓኪምኩም፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ ናይ ከባቢ ናይ ሓገዝ ጉጅለ
- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ፡ ንኣብነት ናይ ሰሜናዊ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስደተኛታት ኣገልግሎት (North of England Refugee Service)፣ ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action)፣ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) ወይድማ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዌልስ (Welsh Refugee Council)።

ካልእ ዝተተርጎሙ በረርቲ ጽሑፋት ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.refugeecouncil.org.uk ይርከቡ።

Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: PO Box 68614, London E15 9DQ, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

- እንተደኣ ደሊኹም ድማ ካብቶም ሰራሕተኛታት ከምኡውን/ወይድማ ኣስተርጎምቲ ንጓል ኣንስተይቲ ከተዘራርቡ
- እቲ እትህብዎ ሓበሬታ ብምስጢር ክተሓዝ እዩ።
- ንስኹም ወይ ንደቅኹም ኣብ ናይ ኣካላዊ ጉድኣት ሓደጋ ትረከቡ እንተደሃሊኹም፣ እዞም ኤጀንሲታት ብዛዕባ ጉዳይኩም ንኻልእ ኣካል ክነግሩ ከድልዮም እዩ።

**ሓገዝ ንምርካብ ነዞም ዝሰዕቡ ተወከሱ፥**

**ዓዲ እንግሊዝ ከምኡውን ዌልስ (England and Wales)**: **ብናጻ ዝድወል ተሌፎን፣** 24 **ሰዓት ሃገራዊ ዘቤታዊ ዓመጽ ናይ ሓገዝ መስመር** (Freephone 24 hour National Domestic Violence Helpline)
0808 2000 247
**ስኮትላንድ (Scotland)**: **ናይ ስኮትላንድ ዘቤታዊ ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር (Scottish Domestic Abuse Helpline) 0800 027 1234**
ቋንቋ እንግሊዝ እንተደኣ ዘይትዛረቡ ኰንኩም፡ ብኽብረትኩም እንታይ ቋንቋ ከምእትዛረቡ ግለጹ። ኣተርጓሚ ክሳብ ዝመጽእ ክትጸበዩ ይግባእ፡ ወይድማ እንታይ ቋንቋ ከምእትዛረቡ ምስነገርኩም፤ ስልኪ ቁጽርኹም ግደፉ እሞ እቲ ኣማኻሪ ምስ ኣተርጓሚ ኰይኑ ክድውለልኩም እዩ።

**ፖሊስ (ህጹጽ ዝኾነ ጉዳይ) (Police - emergency) 999**

ናይ ስደተኛ ኤጀንሲታት ዝርዝር ኣድራሻ፥

**North of England Refugee Service Head Office (North East)** www.refugee-org.uk
2 Jesmond Rd West
Newcastle upon Tyne NE2 4PQ
Tel: 0191 245 7311

**Refugee Action Head Office (East Midlands, North West, South Central, South West)**
www.refugee-action.org.uk
Victoria Charity Centre
11 Belgrave Road
London SW1V 1RB
Tel: 020 7654 7700

**Refugee Council Head Office (London, East of England, West Midlands, Yorkshire & Humberside)** www.refugeecouncil.org.uk
PO Box 68614
London E15 9DQ
Free advice line: 0808 808 2255
Tel: 020 7346 6700

**Scottish Refugee Council Head Office (Scotland)** www.scottishrefugeecouncil.org.uk
5 Cadogan Square
(170 Blythswood Court)
Glasgow G2 7PH
Tel: 0141 248 9799
Freephone: 0800 0856 087

**Welsh Refugee Council Head Office (Wales)** www.welshrefugeecouncil.org
Phoenix House
389 Newport Road
Cardiff CF24 1TP
Tel: 02920 489 800